
# ንዓኺ “ባክተሪያ ቫጂኖስ” (bakteriell vaginos) ብተደጋጋሚ ዝመላለሰኪ ሰብ

## ”ባክተሪያ-ቫጂኖስ” እንታይ እዩ?

ኣብቲ ከባቢ ብልዕቲ (ርሕሚ)፥ ነንበይኖም ናይ ባክተሪያ ዓይነታት ብብዝሒ ዚዕምብቡሉ ናይ ኣካላትና ከባቢ ኮይኑ፥ እቶም ”ላክቶ-ባሲለር” (ናይ ጸባ ኣሲድ ባክተሪያ) ዝበሃሉ ግን፡ ብብዝሒ ዚዕብልሉ ቦታ እዩ። እቲ ናይዞም ”ላክቶ-ባሲለር” ጥቕሚ፥ ነቲ “መጠነኛ” ዝኾነ፡ ብግምት ”pH 3,8-4,5” ከም ዚህሉ ምግባር እዩ። እዚ ትሑት ናይ ”መጻት” (pH) ከባቢ፥ ነዞም ”ላክቶ-ባሲለር” ንኺምችኦም ዚገብር ቅድመ-ኩነት እዩ። እቲ ናይ ”pH” መጠን ክብ ምስ ዚብል፥ ነቶም ”ላክቶ-ባሲለርና” ስለ ዘይሰማምዕም፡ ቁጽሮም ይጎድል። ስለዚ፡ እቲ ናይ ”pH” መጠን ክብ ምስ ዚብል፥ ኣብ ክንድኡ ንኻልኦት ዘይተደልይቲ ባክተሪያ ዚምችእ ይኸውን። እዞም ዘይተደለይቲ ባክተሪያ ድማ እዮም፡ ነቲ ርሕማዊ-ፈሳሲ ዘቕጥንዎ፥ ናይ ዓሳ ሽታ ከም ዚህልዎ ድማ ዚገብሩ።
”ባክተሪያ-ቫጂኖስ” ናይ ሕማም ረኽሲ ኣይኮነን፥ እዚ እቲ ናይ ነንበይኖም ዓይነት ባክተሪያታት ናይ ዓቐናት ምዝንባዕ ዘምጽኦ ነገር እዩ።

”ባክተሪያ-ቫጂኖስ” ብጾታዊ ርክብ ዝተሓላለፍ ሕማም ውን ኣይኮነን።




## ”ባክተሪያ-ቫጂኖስ” ምኻኖም ብኸመይ ኢኻ ትፈልጦ?

”ባክተሪያ-ቫጂኖስ” ከም ዘሎኪ ርግጸኛ ንምኳን፥ ብናይ ሕክምና መርመራ ኪረጋገጽ ይግባእ። እዚ ድማ፡ ብናይ ጂኒኮሎግ ዚግበር መርመራ ኮይኑ፥ ነቲ መለስስለሲ ፈሳሲ ብምምርማር፥ ነቲ ናይ ምጻት (pH) መጠን ትዕቅኖ፥ ነቲ ናይ ዓሳ ሽታ ዘነጽር ፈሳሲ ተጠቒምካ ድማ፡ ነቲ ሽታ ትዕቅኖ።
 እቲ ናይ ዓሳ ሽታ፡ እቲ ዋና መለለዪ ናይ “ባክተሪያ-ቫጂኖስ” እዩ። ገለ እዋን ምፍላጡ ድማ ናይ “ማይክሮስኮፕ” መሳርሒ ውን ትጥቀም ኢኻ። እንተደኣ ጸጸኒሑ ”ባክተሪያ-ቫጂኖስ” ደጋጊሙ ዝመላለሰኪ ኮይኑ፥ በቲ ናይቲ ዘጋጥመኪ ጸገም ምልክት ንምልላዩ ትኽእሊ ኢኺ።

## ”ባክተሪያ-ቫጂኖስ” ኪህልወካ ሓደገኛ ነገርዶ እዩ?

ብሓፈሻዊ ኣዘራርባ ”ባክተሪያ-ቫጂኖስ” ሓደገኛ ነገር ኣይኮነን፥ ይኹን እምበር፡ ክትጥንቀቑሉ ዘድሊ ኪፍጠር ዚኽእል ኩነታት ግን ኣሎ እዩ። ንኣብነት ኣብ ጊዜ ጥንሲ፥ እዚ ”ባክተሪያ-ቫጂኖስ” እዚ፥ ነቲ ማይ ኣብ ዘይእዋኑ ናይ ቅልጡፍ-ምፍሳስ ሓደጋ ንኺገብረሉ ዘኽእል ጸገም ኣሎ እዩ።

ኣብቲ ”ስፒራል” ተእትውሉ ጊዜ ውን፥ ”ባክተሪያ-ቫጂኖስ” ከም ዘይብልኪ ክትፈልጢ ኣገዳሲ እዩ። ምኽንያቱ ድማ ”ጌጋ ባክተሪያ” ናብ ላዕሊ ናብ ማህጸንኪ ኣቢሎም ንኸይድይቡ ብማለት እዩ። ብተመሳሳሊ መገዲ፡ ናይ ርሕሚ መጥባሕቲ ወይ ጥንሲ ኣብ ምስዳድ ኣብ ትገብርሉ ጊዜ፥ ”ባክተሪያ-ቫጂኖስ” ክህልወኪ የብሉን።

### እቲ ልሙድ ፈሳሲ ከመይ እዩ ዚመስልt?

እቲ ልክዕ ”ርሕማዊ-ፈሳሲ”፡ ሓፈስ ጻዕዳ፡ ከም ናይ ”ፈል-ምዮልክ” ዚመስል፡ ፈኲስ ናይ ምጻት ሽታ ዘሎዎ እዩ። እቲ እንቋቑሖ ኪፍኖ ከሎ፥ እቲ እዚ ፈሳሲ’ዚ ቁሩብ ምቅይያር ይገብር’ዩ፥ ንሱ ብርህ ዝበለን፡ ሓፈስ - ከም ናይ ጻዕዳ እንቋቑሖ ዚመስል ይኸውን። (እዚ ግን ናይ ሆርሞን መድሃኒት ዘይትወስዲ ምስ ትኾኒ እዩ።)

## ”ባክተሪያ-ቫጂኖስ” ከም ዝተመልሰኪ ብኸመይ ክትፈልጢ ትኽእሊ?

**ልሙዳት ምልክት ሕማም ናይ “ባክተሪያ ቫጂኖስ”** ዚሸትት ፈሳሲ ምህላው እዩ። ብድሕሪ  እዩ። efter እቲ ፈሳሲ ቀጥን ፋሕሸዋይ ጻዕዳ ኮይኑ ናይ ዕሳ ሽታ ዘሎዎ እዩ።

እቲ ዳግም ከጥቅዓካ ዚኽእልሉ ኣጋጣሚ ምስ ናይ ወርሓዊ ጽግያት ብምትሕሓዝ፥ ብድሕሪ ጾታዊ ርክብ ወይ ምስ ሓድሽ ሰብኣይ ኣብ ትራኸበሉ ጊዜ እዩ።

### ወርሓዊ ጽግያት

ምስ ወርሓዊ ጽግያት ብዝተኣሳሰር፥ መጠን ናይቲ pH-värdet: ኣብ ርሕሚ ይውስኽ'ዩ። እቲ ደም ዝለዓለ መጠን ”pH-värdet” ዘለዎ ኮይኑ፥ ኣብ መዓልታት ምፍሳስ ደም: እቲ ”pH-värdet” ንኺውስኽ ኣበርክቶ ይገብር'ዩ። እዚ ፍጹም ተፈጥሮኣዊ ባህሪ እዩ። ንገለ ደቂ ኣንስትዮ ግን፥ ምልክታት ናይቲ ባክተርያ ርሕሚ ክህልወንን ናይ ድግሰት ምድግጋምን ከስዕበለን ይኽእል'ዩ።

### ሰብኡት ምቅይያር

ገለ ደቂ ኣንስትዮ መጻምድተን ኣብ ዝቕይራሉ እዋን ምልክታት ባክተርያዊ ርሕሚ ከጋጥመን ይኽእል እዩ። እቶም ምልክታት ኣብ መጀመርታ ናይቲ ዝምድና ክረኣዩን ድሕሪኡ ክሃድኡን ይኽእሉ።

### ጾታዊ ርክብ

ዘርኢ ወዲ ተባዕታይ ዝለዓለ ”ፒኤች” (pH) ስለ ዘለዎ ንሓደጋ ምልክታት ባክተርያ ርሕሚ ክብ ከብሎ ይኽእል እዩ።

### ጽሬት

ምስ ”ባክተሪያ-ቫጂኖስ” ርሕሚ ተኣሳሲሩ ዚመጽእ ፍሳስን ጨናን ሓጺብካ ዘልግስ ኣይኮነን። እቲ ብዙሕ ምሕጻብ ንርእሱ፥ ካልእ ጸገማት ከም ምጭዳድ ናይ ቆርበትን - ድርቀት ናይቲ ልፋጫዊ ሽፋንን ርሕሚ ከስዕብ ይኽእል እዩ። እቲ ጨናን ፍሳስን: ዋላ እኳ እንተተሓጽበ ዘልግስ ኣይኮነን።

### ንኸይምለሰካ ክትገብር ትኽእል ዲኻ?

ምስ ጾታዊ ርክብ ዝተኣሳሰር ምምላስ ናይቲ ምልክት ጸገም፥ ኮንዶም ብምጥቃም ክትከላኸሎ ይክኣል እዩ።

### ን”ባክተሪያ-ቫጂኖስ” ክትሕክሞ ትኽእል ዲኻ?

ናይ ርሕሚ ”ባክተሪያ-ቫጂኖስ” ጸገማት ክትሕክሞ ዘድልየሉ እዋናት ኣሎ እዩ። ምኽንያቱ ድማ ከም ኣብነት ኣብ ጊዜ ጥንሲ: ኣብ መጥባሕቲ ርሕሚ ወይ ውን ኣብ ምእታው ናይ ስፒራል፥ ጸገማት ኪፈጥር ይኽእል እዩ።

ይኹን እምበር: ባክተርሪያ-ቫጂኖስ” ብሓፈሻኡ ከም ናይ ሕማም ረኽሲ ስለ ዘይቁጸር፥ ሕክምና ምግባር ኣድላዪ ኣይኮነን። ብዙሓት ጊዜ እውን ብዘይ ዝኾነ ዓይነት ሕክምና ፈጺሙ ብባዕሉ ይሓዊ እዩ። እዚ ድማ ዝተፈላለየ ናይ ግዜ ንውሓት: ማለት: ክሳብ ሓያሎ ሰሙናት ኪወስድ ይኽእል እዩ። ንብዙሓት ሰባት: እዚ ናይ ርሕሚ ”ባክተሪያ-ቫጂኖስ” ጸገም፥ እቲ ፈሳሲ ብዝያዳ በዚሑ ዚፈስስን፥ ልዕሊ ኩሉ ድማ: ዓሳ ዝሸትት ጨና ዘለዎ ምኳኑን: ዘይምቾት ይፈጥር እዩ።

ዝሓሸ ለውጢ እንተ ዘይጌሩ ወይ ውን ናይ ርሕሚ ”ባክተሪያ-ቫጂኖስ” ከም ዘለኪ ርግጸኛ እንተ ዘይኳንኪ፥ ናብቲ ምኽሪ ክንክን-ሕማም መውሃቢ፥ ምስ 1177 ርክብ ግበሪ ወይ ውን ምስ ክንክን-ሕማም ርክብ ብምግባር ተወከሲ።

”ቫጂ-ሲ” (Vagi-C): ናይ ርሕሚ ከኒና: 250 ሚሊግራም ”ኣስኮርቢክ ኣሲድ” ዝሓዘ እዩ። እዚ ”ኣስኮርቢክ ኣሲድ” ቀስ እናበለ ንብዙሕ ሰዓታት ብውዱን መገዲ ዚፍኖ (ዚልቀቕ) እዩ። እቲ በዚ ቀስ ብቐስ ኣገባብ ዚፍኖ ቪታሚን ሲ (ኣስኮርቢክ ኣሲድ)፥ ነቲ ናይ ርሕሚ ናይ ”pH-värdet” መጠን ይንክዮ፥ ትሑት ኮይኑ ውን ከም ዚቕጽል ድማ ይገብሮ። ”ቫጂ-ሲ” (Vagi-C): ብድሕሪ ጾታዊ ርክብን ብድሕሪ ወርሓዊ ጽግያትን፥ ከም ሕክምናን ከም መከላኸልን ክትጥቀመሉ ይክኣል እዩ።




**ኣብቲ ልክዕ ዝኾነ “ፒ-ኤች” (pH) መጠን ኣብ ርሕሚ ምስ ዝህሉ: እቲ ቅኑዕ ባክተርያ ብዝበለጸ ይስስን።** እዚ ናይ ተሓከምቲ ሓበሬታ'ዚ: ናብ ብዙሓት ቋንቋታት ተተርጒሙ: ኣብ www.vagi-c.se ይርከብ'ዩ።

Erol AB, Per Albin Hanssons väg 41, Hus D, 214 32 Malmö | 042-21 07 90 | Webb: vagi-c.se